# ካልኣይ መጽሓፍ - ሲቪላዊ ስርዓት ብሓፈሻ

## ቀዳማይ ኣርእስቲ - ክለ-ስልጣን

### *ምዕራፍ 1. - ሃገራዊ ኽለ-ስልጣን*




**ዓንቀጽ 33. - ደረት ተፈጻምነት**

ኤርትራ ኣባል ዝኾነትሉ ዝኾነ ኣህጉራዊ ስምምዕ ዝተፈልየ እንተ ዘይደንጊጉ፡ ሃገራዊ ኽለ-ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ኣብ ሲቪላውን ንግዳውን ጉዳያት በዚ ምዕራፍ ይውሰን።

**ዓንቀጽ 34. - ኣድራሻ ተኸሳሲ**

(1) ኣብ ፍሉይ ድንጋገታት ሕጊ ኤርትራ ዝተፈልየ እንተ ዘይተደንጊጉ፡ ልሙድ መንበሪ ተኸሳሲ ኣብ ኤርትራ ምስ ዚኸውን ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ንምድናይ ክለ-ስልጣን ይህልወን።

(2) ተኸሳሲ ኩባንያ ወይ ካልእ ሕጋዊ ሰብነት ዘሎዎ ኣካል ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ንምድናይ ክለ-ስልጣን ዝህልዎም፡ ቀንዲ ቦታ ዋኒን ናይተን ትካላት ወይ እተን ትካላት ንጥፈታትን ዘካይዳሉ ቦታ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ምስ ዚኸውን እዩ። ቀንዲ ቦታ ዋኒን፡ ኣብ ካልእ ቦታ ከም ዝርከብ እንተ ዘይተገሊጹ፡ ኣብ መመሓደሪ ሕጊ ትካል ከም ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ኪኸውን ዝተመርጸ ቦታ ማለት እዩ።

**ዓንቀጽ 35. - ክለ-ስልጣን ብስምምዕ**

(1) ካብ ፍሉይ ሕጋዊ ዚምድና ንዝተላዕለ ወይ ኪለዓል ንዚኽእል ገንዘባዊ ኽሲ ብዚምልከት ንምፍታሕ ኣብያተ ፍርዲ ሃገረ-ኤርትራ ክለ-ስልጣን ኪህልዎም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ዚሰማምዑ፡ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ በይናዊ ኽለ-ስልጣን ይህልዎም።

(2) ካብ ፍሉይ ሕጋዊ ዚምድና ንዝተላዕለ ወይ ኪለዓል ንዝኽእል ገንዘባዊ ኽሲ ብዚምልከት ንምፍታሕ ናይ ወጻኢ ኣብያተ ፍርዲ ክለ-ስልጣን ኪህልዎም ተኸራኸርቲ ወገናት ምስ ዚሰማምዑ፡ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ በይናዊ ኽለ-ስልጣን ይህልዎም።

(3) ንኽለ-ስልጣን ዝምልከት ስምምዕ ብቑዕ ዝኾውን በዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ምስ ዚፍጸም ወይ ዚረጋገጽ እዩ፤

(ሀ) ብጽሑፍ፡

(ለ) ሓበሬታ ኣብ መጻኢ ኣብ ረብሓ ንምውዓል ንምውካሱ ዘኽእል ዝኾነ ኻልእ ኣገባብ መራኸብታት፡

(ሐ) ብመሰረት ተወዓዓልቲ ወገናት ብስሩዕ ብዘዘውትርዎ ልምዲ መሰረት፡

(መ) ተወዓዓልቲ ወገናት ብዝፈልጡዎ ወይ ኪፈልጡዎ ዝግባእ ዝነበረን ኣብ ተመሳሳሊ ዓይነት ንግዲ ዝሳተፉ ተወዓዓልቲ ወገናት ብስሩዕ ብዘዘውትርዎ ልምዲ መሰረት ዝገበረ ምስ ዚኸውን።

(4) ኣብ ትሕትዚ ምዕራፍ እዚ ንዚፍጸሙ ውዕላት ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት፡ ንቤት ፍርዲ ክለ-ስልጣን ንምሃብ ዝፍጸም ስምምዕ ተፈጻምነት ዝህልዎ፡ እቲ ኸርክር ድሕሪ ምልዓሉ ዝተፈጸመ ምስ ዚኸውን ጥራይ እዩ።

(5) ንኽለ-ስልጣን ዚምልከት ስምምዕ ከም ርእሱ ዝኽኣለ ውዕል ይውሰድ፡ ቤት ፍርዲ ንብቑዕነት ናይቲ ስምምዕ ኣብ ዘረጋግጸሉ ግዜ ካብ ዝኾነ ኻልእ ጭብጢ ፈልዩ ኪውስን ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 36. - ተኸሳሲ ንኽለ-ስልጣን ዚቃወመሉ ወይ ዚቕበለሉ ኹነታት</u>

(1) ተኸሳሲ ንኽለ-ስልጣን ኣመልኪቱ ተቓውሞ ከየቕረበ ኣብ ሱር ነገር ናይቲ ጉዳይ ኣትዩ ምስ ዚኸራኸር፡ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ክለ-ስልጣን ይህልዎም።

(2) ተኸሳሲ ንኽለ-ስልጣን ኣመልኪቱ ተቓውሞ ከቕርብ መሰል ዝህልዎ፡ ንሱር ነገር ናይቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ቀዳማይ ናይ ጽሑፍ መልሲ ቅድሚ ምቕራቡ እዩ።

<u>ዓንቀጽ 37. - ክለ-ስልጣን ኣብ ፍሉያት ጉዳያት</u>

ከሳሲ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ክሲ ኪምስርት ይኽእል፤

(1) ንቕረብ ኣቑሑ ኣብ ዚምልከት ውዕል፡ እቲ ኣቑሑ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ዝረኻኸበሉ ወይ ኪረኻኸበሉ ዝግባእ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን፡

(2) ኣገልግሎት ንምሃብ ኣብ ዝተፈጸመ ውዕል፡ እቲ ኣገልግሎት ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ዝዋሃበሉ ወይ ኪወሃበሉ ዝግባእ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን፡

(3) ንቕረብ ኣቑሑን ኣገልግሎት ንምሃብን ኣብ ዝተፈጸመ ውዕል እቲ ቀንዲ ግዴታ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ዝተፈጸመ ወይ ኪፍጸመሉ ዝግባእ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን፡

(4) ኣቑሑ ንምቕራብ ወይ ኣገልግሎት ንምሃብ ወይ ክልቲኡ ብሓባር ንምፍጻም ካብ ንግዱ ወይ ሞይኡ ወጻኢ ኪውሰድ ንዝኽእል ዕላማ ብባህርያዊ ሰብ ዝተፈጸመ ውዕል፡ ኤርትራ ልሙድ መንበሪ ናይቲ ባህርያዊ ሰብን እቲ ባህርያዊ ሰብ ነቲ ውዕል ኣብ መደምደምታ ንምብጻሕ ኣድለይቲ ስጉምትታት ዝወሰደሉ ቦታን ምስ ዚኸውን፡

(5) ንስራሕ ኣብ ዝምልከት ውዕል፡ እቲ ሰራሕተኛ ብልምዲ ስርሑ ዘካይደሉ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን፡

(6) ዘይውዕላዊ ተሓታትነት ዘስዕብ በደል ብዚምልከት፡ እቲ ጉድኣት ዘስዕብ ፍጻመ ዘጋጠመሉ ወይ ከየጋጥም ዚፍርሓሉ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን፡

(7) ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝምልከት መሰል ዋንነት ወይ ክራይ ዝምልከት፡ እቲ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ኤርትራ ምስ ዚኸውን።

<u>ዓንቀጽ 38. - ጨናፍር</u>

ተኸሳሲ ኣብ ኤርትራ ጨንፈር፡ ወኪል ወይ ዝኾነ ኻልእ ትካል ምስ ዚህልዎ፡ እቲ ጉዳይ ንንጥፈታት ናይቲ ጨንፈር፡ ወኪል ወይ ትካል ብቐጥታ ዝምልከት ምስ ዚኸውን፡ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ክለ-ስልጣን ይህልወን።

<u>ዓንቀጽ 39. - ብዙሓት ተኸሰስቲ</u>

ብሓደ ኻብዞም ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ዝርከቡ ኣቀዲሞም ዝተገልጹ ዓናቕጽ መሰረት ክለ-ስልጣን ዘሎዎ ቤት ፍርዲ፡ ምስ ተኸሳሲ ብሓደ ኣብ ልዕሊ ዝተኸሱ ካልኦት ሰባትውን ክለ-ስልጣን ይህልዎ። እዚ ዚኸውን ግን፡ እቶም ዝተፈላለዩ ክስታት ኣብ ዝተመስረተሉ ግዜ ኣብ መንጎኦም ዚህሉ ምትእስሳር ኣዝዩ ጥቡቕ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ፍትሒ እቶም ጉዳያት ብሓባር ኪርኣዩ ምስ ዚሓትት እዩ።

<u>ዓንቀጽ 40. - ክሲ-ተኸሳሲ</u>

ሓደ ክሲ ኣብ ምድናይ ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ኣብ ልዕሊ ምስቲ ኽሲ ምትእስሳር ዘሎዎ ተወሳኺ ክሲ ወይ ክሲ-ተኸሳሲ፡ ከምኡውን ምስቲ ቐንዲ ኽሲ ምትእሳሳር ዘሎዎ ናይ መተኣማመኒ ወይ ውሕስነት ክሲ ወይ ምስቲ ቐንዲ ኽሲ ዝተኣሳሰር ንሳልሳይ ኣካል ተኸሳስነት ዝምልከት ጉዳይ ክለ-ስልጣን ይህልዎ።

<u>ዓንቀጽ 41. - ኣድላዪ ቤት ፍርዲ</u>

ሕጊ ኤርትራ፡ ኣብ ፍሉይ ጉዳያት ኤርትራ ሃገራዊ ኽለ-ስልጣን ኪህልዋ እንተ ዘይተደንጊጉ እሞ ኣብ ወጻኢ ሃገር መስርሕ ዳንነት ምክያድ ዘይከኣል ወይ ዘይርትዓዊ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ኣብያተ ፍርዲ ኤርትራ ሃገራዊ ኽለ-ስልጣን ኪህልዎም ይኽእል። እዚ ዝኸውን ግን፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዚካየድ ዳነንት ቅኑዕን ርትዓውን ንኪኸውን፡ እቲ ጉዳይ ምስ ሕጊ ኤርትራ ብቑዕ ምትእስሳር ምስ ዚህልዎ እዩ።

<u>ዓንቀጽ 42. - ግዜያውን መከላኸልን ስጉምቲ</u>

ዝኾነ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ዋላውን ንሱር ነገር ናይ ሓደ ክሲ፡ ተወሳኺ ክሲ ወይ ክሲ-ተኸሳሲ ኣመልኪቱ ኪውስን ክለ-ስልጣን ኣይሃልዎ፡ ንዝኾነ ኽሲ፡ ተወሳኺ ክሲ ወይ ክሲ-ተኸሳሲ ኣመልኪቱ መጻንሒ ዝኸውን ግዜያዊ ወይ መከላኸሊ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

<u>*ምዕራፍ 2. - ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን*</u>

<u>ዓንቀጽ 43. - መትከል</u>

(1) ነፍስ-ወከፍ ክሲ ብድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ ብቕዓት ብዘሎዎ ቤት ፍርዲ ይዳነ። ዝተፈልየ እንተ ዘይተደንጊጉ ክሲ ነቲ ኽሲ ንምድናይ ዝተሓተ ጽፍሒ ብቕዓት ኣብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ይምስረት።

(2) ነፍስ-ወከፍ ይግባይ ኣብ ትሕትዚ ሕጊ ነቲ ጉዳይ ኪሰምዕ ብቕዓት ብዘሎዎ ቤት ፍርዲ ይስማዕ።

ዓንቀጽ 44.- ክለ-ስልጣን ኮማዊ ቤት ፍርዲ

ብግልጺ ዝተፈልየ እንተ ዘይተደንጊጉ፡ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ነዞም ዚስዕቡ ጉዳያት ናይ ምድናይ ስልጣን ይህልዎም፤

(1) ንዚንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ኻብ ናቕፋ 100,000 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ) ዘይዛይድ፡ ከምኡውን

(2) ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ኻብ ናቕፋ 150,000 (ሚኢትን ሓምሳን ሽሕ) ዘይዛይድ።

ዓንቀጽ 45.- ክለ-ስልጣን ቤት ፍርዲ ዞባ

ብግልጺ ዝተፈልየ እንተ ዘይተደንጊጉ፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ነዞም ዚስዕቡ ጉዳያት ናይ ምድናይ ስልጣን ይህልዎም፤

(1) ንዚንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ኻብ ናቕፋ 100,001 (ሓደ ሚእቲ ሽሕን ሓደን) ክሳዕ 500,000 (ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ) ዝኾነ፡ ከምኡውን

(2) ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ኻብ ናቕፋ 150,001 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕን ሓደን) ክሳዕ 1,000,000 (ሓደ ሚልዮን) ዝኾነ።

ዓንቀጽ 46.- ክለ-ስልጣን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

(1) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ነዞም ዚስዕቡ ጉዳያት ናይ ምድናይ ክለ-ስልጣን ይህልዎ፤

(ሀ) ንዚንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ልዕሊ ናቕፋ 500,000 (ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ) ዝኾነ፡ ከምኡውን

(ለ) ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ብዚምልከት ግምቱ ናቕፋ ልዕሊ ናቕፋ 1,000,000 (ሓደ ሚልዮን) ዝኾነ።

(2) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ነዞም ዚስዕቡ ጉዳያት ዚምልከቱ ኽስታት ናይ ምድናይ በይናዊ ኽለ-ስልጣን ይህልዎ፤

(ሀ) ንምቛም፡ ምፍራስ ከምኡውን ምዕጻው ብመሰረት ንግዳዊ ሕጊ ኤርትራ ዝቔማ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህበን ትካላት፡

(ለ) ንተሸረፍቲ ሰነዳት፡ ጥፈሻን ሕጊ ባሕርን፡

(ሐ) ንውዕላት መድሕን፡

(መ) ንምልክታት ንግድ፡ ንመሰል ምህዞ ከምኡውን ንመሰል ድርሰት፡

(ረ) ንምውራስ ንብረት፡

(ሰ) ሰራሕተኛታት መንግስቲ ወግዓዊ ስርሖም ኣብ ዘካይዱሉ እዋናት ብዝፈጸምዎ ተግባራት ንዝህልዎም ተሓታትነት፡ ከምኡውን

(ሸ) ዜግነት።

(3) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፡ ንምፍጻም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተዋህቡ ውሳነታት ወይ ብይናት ሽምግልና ኣመልኪቶም ዚቐርቡ ኩሎም ጥርዓናት ይውስን።

ዓንቀጽ 47. - ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን

(1) ቤት ፍርዲ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ዚህልዎ ክሲ ኣብ ዝተመስረተሉ መዓልቲ፡ ግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዘከራኽር ዘሎ ጉዳይ ኣብዚ ምዕራፍ ሰፊሩ ከም ዝርከብ ኣብ ውሽጢ ደረታታት ናይቲ ቤት ፍርዲ እቲ ምስ ዚኸውን እዩ።

(2) ቤት ፍርዲ፡ ህላወ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ንምውሳን ኣብ ናይ ክሲ ጽሑፍ ዝተጠቕሰ ግምት ገንዘብ ይውክስ።

(3) ሓደ ክሲ ኣብ ትሕቲ ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ እዚ ስልጣን ኣብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ምስ ዚምስረት፡ ኣብ ቀጐጠባዊ ኩነታት ብዘጋጠመ ለውጢ ግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዘከራኽር ዘሎ ጉዳይ ምውሳኹ ወይ ምጉዳሉ ብዘየገድስ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ምርኣይ ይቕጽል።

(4) ቤት ፍርዲ መርትዖ ምስማዕ ቅድሚ ምጅማሩ ገለ ኽፋል ናይቲ ኽሲ ስለ ዝተኣምነሉ ግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዘከራኽር ዘሎ ጉዳይ ብእኡ መጠን ምስ ዚጎድል፡ እቲ ቤት ፍርዲ፡ ነቲ ጉዳይ ምርኣዩ ኪቕጽል ወይ ድማ ብተበግሶኡ ነቲ ዝተረፈ መጠን ገንዘብ ብዚምልከት ነቲ ጉዳይ ንምርኣይ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ናብ ዘሎዎ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ከሰጋግሮ ይኽእል።

ዓንቀጽ 48. - ካብ ሓደ ንላዕሊ ክስታት

(1) ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ከሰስቲ ኣብ ሓደ መዝገብ ብሓባር ኣብ ልዕሊ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክሱሳት ክሲ ምስ ዘቕርቡ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 107 ብጥምረት ዝርኣዩ ጉዳያት ሓዲግካ፡ ክለ-ስልጣን ቤት ፍርዲ ብድምር ግምት ወይ ክብሪ ናይቶም ዝቐረቡ ክስታት ይውሰን።

(2) ካብ ሓደ ንላዕሊ ክስታት፡ ገለ ካብኣቶም ቀንዲ እቶም ዝተረፉ ድማ ተለቀብቲ፡ ወይ ብኣማራጺ ዝቐርቡ ክስታት ኣብ ሓደ መዝገብ ምስ ዚቐርቡ፡ ክለ-ስልጣን ቤት ፍርዲ ብግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዝለዓለ ቀንዲ ኽሲ ይውሰን።

(3) ክሲ-ተኸሳሲ ኣብ ዝቐርበሉ ኹነታት፡ ክለ-ስልጣን ቤት ፍርዲ ብግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዝለዓለ ክሲ ይውሰን። ግምት ወይ ክብሪ ናይቲ ዝለዓለ ክሲ ካብ ክለ-ስልጣን ናይቲ ቐንዲ ኽሲ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ምስ ዚዛይድ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ክለ-ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ የመሓላልፎ።

ዓንቀጽ 49. - ብገንዘብ ኪግመት ዘይከኣል ክሲ

ብግልጺ ኣብ ዝተደንገገሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ብገንዘብ ኪግመቱ ዘይከኣሉ ክስታት፡ ከባብያዊ ኽለ-ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ዞባ ይቐርቡ።

## ምዕራፍ 3. - ከባብያዊ ኽለ-ስልጣን

ዓንቀጽ 50. - መትከል

(1) ኣብዚ ምዕራፍ ወይ ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ድንጋገታት ናይ ካልእ ሕጊ ዝተፈልየ እንተ ዘይተደንጊጉ፡ ነፍስ-ወከፍ ክሲ ኣብቲ ተኸሳሲ ኣዘውቲሩ ዝነብረሉ፡ ንግድ ዘካይደሉ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ዚሰርሓሉ ቦታ ይምስረት።

(2) ኣብ ልዕሊ ካብ ሓደ ንላዕሊ ተኸሰስቲ ብጥምረት ዚቐርብ ክሲ፡ ኣብቲ ዝኾነ ካብ ተኸሰስቲ ኣዘውቲሩ ዝነብረሉ፡ ንግድ ዘካይደሉ፡ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ዚሰርሓሉ ቦታ ይምስረት።

<u>ዓንቀጽ 51. - ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዚነብር ተኸሳሲ</u>

(1) ተኸሳሲ ዚነብረሉ፡ ንግድ ዘካይደሉ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ዚሰርሓሉ ቦታ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኽሲ ከሳሲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ዝመረጾ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል። እንተ ኾነ፡ እቲ ኽሲ ተኸሳሲ ኣብ ኤርትራ ምስ ዚውንኖ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝተኣሳሰር ምስ ዚኸውን፡ እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይምስረት።

(2) ተኸሳሲ ኣብ ኤርትራ ዘይነብር፡ ንግድ ዘየካይድ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ዘይሰርሕ ወጻእተኛ ኰይኑ ኣብ ኤርትራ ዚንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ዚውንን ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኽሲ እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዘሎ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይኽእል።

<u>ዓንቀጽ 52. - ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዚቐርብ ክሲ</u>

ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ወይ ክፍሊ ወይ ኣካላት መንግስቲ ዚቐርብ ክሲ፡ ከሳሲ ካብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ኣብ ዝመረጾ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ይምስረት፤

(ሀ) ከሳሲ ኣብ ዝነብረሉ፡ ንግድ ዘካይደሉ ወይ ብውልቁ ንረብሓ ኣብ ዝሰርሓሉ፡

(ለ) ነቲ ኽሲ መሰረት ዝኾነ ውዕል ዝተፈጸመሉ ወይ ዝትግበረሉ ቦታ፡ ወይ

(ሐ) ንተሓታትነት ተኸሳሲ ጠንቂ ዝኾነ ተግባር ዘጋጠመሉ ቦታ።

<u>ዓንቀጽ 53. - ኣብ ልዕሊ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦም ኣካላት ዚቐርብ ክስታት</u>

(1) ኣብ ልዕሊ ዋኒናዊ ውድብ ዚቐርብ ክሲ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ትካል ኣብ ዚርከብሉ ቦታ ይምስረት። እቲ ኽሲ ንጨንፈር ናይቲ ትካል ዝምልከት ምስ ዚኸውን፡ ኣብቲ ጨንፈር ዝርከበሉ ቦታ ይምስረት።

(2) ኣብ ልዕሊ ማሕበር፡ ኮሚቲ፡ ንብረት ወፈያ ዝቐርቡ ክስታት እቲ ማሕበር፡ ኮሚቲ፡ ንብረት ወፈያ ኣብ ዝተመስረተሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ወይ እቲ ማሕበር፡ ኮሚቲ፡ ንብረት ወፈያ ክምዝገብ ብሕጊ ዝሕተት ምስ ዚኸውን፡ ኣብቲ ምዝገባ ዚካየደሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ይምስረት።

(3) ንተሓታትነት ኣካየድቲ ሕጋዊ ሰብነት ዝተዋህቦም ኣካላት ዚምልከቱ ኽስታት ብመሰረት ድንጋገታት ናይዚ ዓንቀጽ ኪምስረቱ ይኽእሉ።

<u>ዓንቀጽ 54. - ንውርሲ ዚምልከቱ ኽስታት</u>

ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ እቲ ውርሲ ኣብ ዝተረጋገጸሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ይምስረት።

<u>ዓንቀጽ 55. - ንውዕል ዝምልከት ክስታት</u>

(1) ኣብ ውዕል ዝተፈልየ ቦታ ኣብ ዝተጠቕሰሉ ኹነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ንውዕል ዝምልከት ክስታት፡ ብምርጫ ከሳሲ እቲ ውዕል ኣብ ዝተፈጸመሉ ወይ ኣብ ዝትግበረሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

(2) ንናይ ምግዕዓዝ ውዕል ዝምልከት ክሲ፡ ድንጋገታት ሕጊ ባሕሪ ወይ ንግዳዊ ሕጊ ብዝእዘዞ መሰረት ይምስረት።

(3) ንውዕል መድሕን ዝምልከት ክሲ፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ዝምልከቶ ኩባንያ መድሕን ኣብ ዚርከበሉ ወይ እቲ ኩባንያ ኣብ ኤርትራ ዝተመዝገበሉ ቦታ ወይ እቲ መድሕን ዝተኣትዎ ንብረት ኣብ ዚርከበሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

(4) ንትሕጃ ዝምልከቱ ጕዳያት፡ እቲ ንኽሲ ምኽንያት ዝኾነ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

ዓንቀጽ 56. - ንዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝምልከት ክስታት

(1) ብግልጺ ዝተፈልየ ኣብ ዝተደንገገ ኵነታት እንተ ዘይኰኑ፡ ነዞም ዚስዕቡ ጕዳያት ብዚምልከት ዚቐርብ ክሲ እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ይቐርብ።

(ሀ) ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምስ ክራይ ወይ ምስ ዘይግብኣካ ረብሓ ወይ ብዘይብኡ ንኽምለሰልካ፡

(ለ) ንምʼምቕቓል ዘይንቀስቐስ ንብረት፡
(ሐ) ንምውሳን ኣብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝህሉ ዝኾነ ኻልእ መሰል ወይ ረብሓ፡ ወይ

(መ) ኣብ ልዕሊ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዝወረደ ጕድኣት ካሕሳ ንምሕታት።

(2) ብተኸሳሲ ወይ ኣብ ክንዲ ተኸሳሲ ኣብ ዝተታሕዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዝወረደ ጕድኣት ካሕሳ ንምርካብ ዝቐርብ ኽሲ፡ እሞ እቲ ዝተሓተተ ካሕሳ ብምሉኡ ብተማእዛዝነት ተኸሳሲ ኪርከብ ዚከኣል ምስ ዚኸውን፡ እቲ ኸምዚ ዝመስል ክሲ እቲ ንብረት ኣብ ዚርከበሉ ቦታ ወይ ተኸሳሲ ኣብ ዝነብረሉ ቦታ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

ዓንቀጽ 57. - ኣብ ውሽጢ ክለ-ስልጣን ናይ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ዚርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት

(1) ኣብ ውሽጢ ክለ-ስልጣን ናይ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፍርዲ ዚርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዚምልከት ክሲ፡ ኣብ ዝኾነ ካብቶም ኣብያተ ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

(2) ሓደ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ከባብያዊ ኽለ-ስልጣን ኣየናይ ቤት ፍርዲ ከም ዝርከብ ዘይንጹር ምስ ዚኸውን፡ ዝኾነ ካብቶም ኣብያተ ፍርዲ ዘይርጉጽነት ምህላዉ ኣብ ዝዓግበሉ ኵነታት፡ ኣብ መዝገብ ከም ዝሰፍር ድሕሪ ምግባር ነቲ ንብረት ዝምልከት ጕዳይ ኪርኢ ይኽእል። እቲ ቤት ፍርዲ ዝህቦ ውሳነ ልክዕ እቲ ንብረት ኣብ ውሽጢ ከባብያዊ ደረታት ክለ-ስልጣኑ ከም ዘሎ ኰይኑ ማዕረ ተፈጻምነት ይህልዎ።

(3) እቲ ኽሲ ኣብ ውሽጢ ደረት ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ናይቲ ቤት ፍርዲ ዚሕቈፍ ኣብ ዝኾነሉ ኵነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ድንጋገታት ናይዚ ዓንቀጽ ተፈጻምነት ኣይህልዎምን።

ዓንቀጽ 58. - ኣብ ልዕሊ ሰባት ወይ ዘንቀሳቐስ ንብረት ዝወረደ ጉድኣት ንምኽሓስ ዝቐረብ ክስታት

(1) ኣብ ልዕሊ ሰባት ወይ ዘንቀሳቐስ ንብረት ንዝወረደ ጉድኣት ካሕሳ ንምሕታት ዚቐርብ ክስታት፡ ብምርጫ ከሳሲ፡ እቲ ጉድኣት ኣብ ዝተፈጸመሉ ቦታ ኣብ ዚርከብ ቤት ፍርዲ፡ ወይ ብመሰረት ድንጋገታት ዓንቀጽ 50 ኪምስረት ይከኣል።

(2) ኣብ ባሕሪ ንዘጋጥሙ ግጭት ዝምልከት ክስታት ብመሰረት ድንጋገታት ሕጊ ባሕሪ ይምስረት።

ዓንቀጽ 59. - ካብ ሓደ ንላዕሊ ምኽንያታት ክሲ

ሓደ ጉዳይ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዘጋጠሙ ካብ ሓደ ንላዕሊ ምኽንያታት ክሲ ዝተመርኰሰ ምስ ዚኸውን፡ እቲ ጉዳይ ብምኽንያት ናይ ሓደ ኻብቶም ምኽንያታት ክሲ ክለ-ስልጣን ኣብ ዘሎዎ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይከኣል።

ዓንቀጽ 60. - ተለቃቢ ኽስን ክሲ-ተኸሳስን

(1) ተለቃቢ ኽሲ ወይ ናይ ክሲ-ተኸሳሲ ነቲ ቐንዲ ኽሲ ንምርኣይ ክለ-ስልጣን ኣብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ኪምስረት ይኽእል። እዚ ዝኸውን ግን እቲ ቐንዲ ኽሲ ዝተመስረተሉ ቤት ፍርዲ ነቲ ተለቃቢ ኽሲ ወይ ክሲ-ተኸሳሲ ንምርኣይ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ምስ ዚህልዎ ጥራይ እዩ።

(2) ምስሓብ፡ ምስራዝ ወይ ምንጻግ ናይቲ ቐንዲ ኽሲ ብዘየገድስ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ክሲ-ተኸሳሲ ንምርኣይ ብቑዕ ኰይኑ ይቕጽል።

ዓንቀጽ 61. - ምስግጋር ክለ-ስልጣን

(1) ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብኣመልካትነት ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ህላወ ናይዞም ዚስዕቡ ኹነታት፡
   (ሀ) ካብኡ ንታሕቲ ኣብ ዘሎ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ፍትሓውን ዘይሻራውን ዳንነት ኪወሃብ ዘይከኣል ምኽኑ፡
   (ለ) ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ናይ ሕጊ ሕቶ ከጋጥም ዚኽእል ምስ ዚኸውን፡ ወይ
   (ሐ) ኣብ ትሕትዚ ዓንቀጽ ዝወሃብ ትእዛዝ ንተኸራኸርቲ ወገናት ወይ ንመሰኻኽር ብሓፈሻ ምቹእ ምኻኑ፡ ወይ ንዕላማታት ፍትሒ ብዚምልከት ኣድላዪ ምኻኑ፡

ምስ ዘረጋግጽ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ትሕቲ ድንጋገታት ናይዚ ምዕራፍ ነቲ ጉዳይ ክርኢ ስልጣን ንዘይተዋህበ፡ እንተ ኾነ ግን ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ዘሎዎ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ክርኣ፡ ይግባይ ዘይበሃሎ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል፡ ወይውን ነቲ ጉዳይ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንኽርአ ናብኡ ኪመሓላለፍ ኪእዝዝ ይኽእል።

(2) ርእሰ-ኣብያተ ፍርዲ ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብኣመልካትነት ዝኾነ ካብ ተኸራኸርቲ ወገናት፡ ኣብ ዝኾነ መጋባእያ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዚርአ ዘሎ ጉዳይ ብኻልእ መጋባእያ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኪረአ ከም ዘሎዎ ብቑዕ ምኽንያት ምህላዉ ምስ ዘረጋግጽ፡ እቲ ጉዳይ ናብቲ ኻልእ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኪመሓላለፍ ትእዛዝ ኪህብ ይኽእል።

## *ምዕራፍ 4. - ኣከራኻሪ ክለ-ስልጣን*

### *ዓንቀጽ 62. - ቤት ፍርዲ ብስምምዕ ምምራጽ*

(1) *ተኻራኸርቲ ወገናት ኣብ መንጎኦም ንዝተላዕለ ወይ ኪለዓል ተኽእሎ ንዘሎዎ ጉዳይ ንምፍታሕ ካብቲ ብሕጊ ብቕዓት ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ካልእ ቤት ፍርዲ ከባብያዊ ኽለ-ስልጣን ኪህልዎ ምስ ዚሰማምዑ እሞ፡ ሓደ ኻብኣቶም ነቲ ስምምዕ ምስ ዘልዕሎ፡ እቲ ብተኻራኸርቲ ወገናት ዝተመርጸ ቤት ፍርዲ በይናዊ ኽለ-ስልጣን ይህልዎ።*

(2) *ሓደ ኻብቶም ተወዓዓልቲ ወገናት ኣብ ምክያድ ንግዳዊ ንጥፈት ወይ ምፍጻም ሞያዊ ስርሓት ዘይርከብ ባህርያዊ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ኹነታት፡ ንኡስ-ዓንቀጽ (1) ተፈጻምነት ኣይህልዎን።*

(3) *ኣብ ታሕቲ ኣብ ዝተዘርዘሩ ኩነታት እንተ ዘይኰይኑ፡ ግምት ክሲ ካብ ናቕፋ 500 ምስ ዚዛይድ፡ እቲ ኽርክር ንውዕል ስራሕ ዝምልከት ወይ ሓደ ኻብቶም ተኻራኸርቲ ወገናት ኣብ ምክያድ ንግዳዊ ንጥፈት ወይ ሞያኡ ሞያዊ ስርሓት ዝተጸምደ ባህርያዊ ሰብ ዝኾነሉ ውዕል ምስ ዚኸውን፡ ካብቲ ብሕጊ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ዝተዋህቦ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ካልእ ቤት ፍርዲ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ንኪህልዎ ዝእቶ ስምምዕ ብቑዕ ኣይከውንን፤*

(ሀ) *ነቲ ኽሲ ዝመስረተ ወገን እቲ ዝተጠቕሰ ባህርያዊ ሰብ ምስ ዚኸውን፡ ከምኡውን/ወይ*

(ለ) *እቲ ብሕጊ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ንዘይተዋህቦ ቤት ፍርዲ ንምምራጽ ዝተፈጸመ ስምምዕ እቲ ጉዳይ ድሕሪ ምልዓሉ ዝተኣትወ ምስ ዚኸውን።*

(4) *ንኽለ-ስልጣን ኣመልኪቱ ዝግበር ስምምዕ ብጽሑፍ ይኸውን።*

(5) *ንኽለ-ስልጣን ኣመልኪቶም ዝፍጸሙ ውዕላት ከም ርእሶም ዝኸኣሉ ስምምዓት ተወሲዶም ንበይኖም ኪውሰኑ ይግባእ። ስለዚ ከኣ እቲ ቤት ፍርዲ ብቕዓት ናይቲ ንኽለ-ስልጣን ኣመልኪቱ ስምምዕ ዝተኸተመሉ ቐንዲ ውዕል ንምውሳን ስልጣን ይህልዎ።*

(6) *ዝኾነ ካብዚ ዓንቀጽ፡ ተኻራኸርቲ ወገናት ነቲ ብሕጊ ዝተኣዘዘ ንዋታዊ ኽለ-ስልጣን ኣብያተ ፍርዲ ንምልዋጥ ኪሰማምዑ ከም ዘፍቅድ ኰይኑ ኣይትርጎምን፡ ንዝያዳ ርጉጽነት ተኻራኸርቲ ወገናት ጉዳዮም ንዝርኣየሉ ቦታ ኣመልኪቶም ጥራይ'ዮም ኪሰማምዑ ዝኽእሉ።*